"ማሕታ"

ቅድሚ 42 ዓመታትዝተጻሕፈት

<u>ሕታም ቑ.2 ሰነ 1975 ዓ.ፈ</u> ብሓልዮት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሜዳ ዝሕተም ወርሓዊ መጽሄት።

ነቲ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበረ ብቅዓት መርሒነት እትምስክር፡ ንቕሓት ሰራዊትን ስሩዕ ህዝብን ሓፍ ንምባል ዝካየድ ዝነበረ ፖሎቲካዊ ኣስተምህሮ ኣብ ውሽጢ መጺሄት ማሕታ ንመልከት።

"3ይ ክፋል ናይ መወዳእታ"



## ሕዝባዊ ኩናት ኣብ ኤርትራ ።

ኣብ ምዕባለ ሐብረተ ሰብ ሰላምን ኩናትን እና ተወራረሰ ንብ
ዙሕ ዘመናት ካብ ውሉድ ናብ ወለድ ብምጉዓዝ ኣብዚ ዘሎናዮ
ግዜ ምብጻሑ ዝተፈለጠ እዩ ።ብሰንኪ ኩናት ብዙሕ ሕይወትን
ንዋትን ከምዝጠፍእ፡ብዙሕ ናብራ ኣውን ከም ዝከላበተ ስውር
ኣይኮነን ።ኩናት ግን ኩሉ ግዜ ዕንወትን ጥፍኣትን ጥራይ ኣ
ይኮነን ዘስዕብ ። ንምዕባለን ግስጋሰን ሕብረተ ሰብ ዕንቅፋ
ት ንዝኾኑ ነገር ብምጥፍላቐን ብምድርዛምን ብዙሕ ጥቕሚ ከበ
ርክት ይኽእል እዩ ።እቲ ጸቡቐን ጠቓምን ፍረ ናይ ኩናት ፡
ይብዝሕ ይውሕድ ብዘይካ ምኽፋል ዋረ ከመጸእ ኣይከኣለን እዩ
ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ ዓለም ሕዝባዊ ኩናት ኣብ ገለ ተዓዊቱ
ኣብ ገለ ከኣ ናብቲ ዘይተርፍ ዓወት ገጹ ከምርሕ ይርኢ ።
ሐደ ኩናት ሕዝባዊ ኩናት ዝብሃሉ ምኽንያት ዕላማኡ ንድለየ
ትን ንጥቕሚ ናይቲ ሓፋሽ ሕዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ዝውከል ኮ
ይኑ ነቲም ጸረ ሕዝቡ ዝኾኑ ጨቆንቲ ንምጥፋእ በቲም ሓፋሽ
ሕዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ዝካየዱ ከኸውን እንከሉ እዩ ።—
ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝካየዱ ሕዝባዊ ኩናት፡ከም ቲ ጥቡቕ
ኩነታት ናይ ነፍሲ ወከፎን ብነውሒ ወይ ከኣ ከጠጸር ይኽእ
ል ።ከም ቲ ፍሉይ ኩነታት ናይ ነፍሲ ወከፈን ከኣ ብዙሕን ሒ
ደትን ዋጋ ከጠትት ይኽእል ።እንተኾነ ግን ብጠፈሻኡ ዝኾነ
ይኹን ሕዝባዊ ኩናት ይውሕድ ይብዝሕ ግዜን ዋጋን ከም ዝጠት
ት ኣየጠራጥርን ።ምኽንያቱ ድማ ጨቋንቲ ወይ ከኣ ገዛእቲ ኣ
ንተድኣ ብሓይሊ ዘይተገዲዶም ፈቲዮም ንጥቕሞም ንገዛእነ ጠ
ራ ከውጽኡዎ ስለ ዘይደልዩ እዩ ።ንሕዝቢ ብምግባር ናይ ብሕ
ተም ጥቕሚ ንምርካብ ፈን—ፈን ናይ ምባሉ ኣመል ስለ ዘለዎም
ንሕዝቢ ጠራ ብምውጻእ ኣንጻር ጥቕሙ ምዕያይ ከገብሩዎ ዘይ
ከእሉ ነገር እዩ ።ብዚ ምኽንያት እዚ በቲም ጥቓና ሕዝቢ

ብጠይሊ ብረት ተቓሊሶም ከቡር ዋጋ ከፊሎም ዓወቶም ከጋናጸ
ፉ ናይ ግድን ኩይኑ ይርከብ ። እምበኣርከስ እዚ ሎሚ ኣብ
ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ንሕዝቢ ኤርትራ ካብ ዝኾነ ይኹ
ን ዓይነት ጭቆናን ምዝማዝን ጠራ ንምውጻእ በቲ ጠፋሽ ሕዘ
ቢ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ብረታዊ ቓልሲ ስለ ዝኾነ ሕዝባዊ
ኩናት እዩ ። እዚ ኩናት እዚ ማዕባሊ እዩ ። ምዕባሊኡ ድማ
ካብቲ ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኤርትራን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ዘሎ
ግርጭት ዝበቖለ እዩ ። እዚ ክልተ ጠይለታት እዚ እናተቓለሰ
ብዝኸደ ኣብ መወዳእታኡ እቲ ሕዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ነቲ
ኣድሓርሓሪ ሰራዊት ግዝኣት ኢትዮጵያ ዓነውነው ብምባል እቲ
ኩናት ብዓወት ሕዝቢ ኤርትራ ከም ዝፍጸም ታሪካዊ ግድነት
እዩ ። ሕዝባዊ ኩናት ናይ ኤርትራ ከምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት
ሕዝባዊ ኩናታት ጀግንነትን መስዋእትነትን ከጠይቕ እዩ ። ግዜ
እውን ከጠትት እዩ ።

ወዲ ሰብ ናይ ብሕቲ ጥሪት ወይ ሃብቲ ምውናን ካብ
ዝጀምር፡ ገለ ኣባላት ናይ ሕብረተ ሰብ/እቶም ዝበዝሑ/ ናውቲ=ማእ=
ቲ ማእቶት ካብ ዘይምውናን ዝተላዕለ ግዝኣት ናይቶም ገለ
ኣባላት ሕብረተ ሰብ/እቶም ዝወሓዱ/ ብምዃን፡ ንምሉእ ሕብረተ
ሰብ ዘድልዩ ነገራት ከፍርዩ እንከለዉ፡ እቶም ናውቲ ማእቶ
ዝውንኑ ውሑዳት ገይቶትን ብኮፍም ነቲ ብረሀጽ ናይቶም ገዙ
ኣት ዝፈርዩ እቶም ጠፈሰቲ ብምዃን ኣብ ኣንገድዓ እቲ ውጹ
ዕ ክፍሊ ሕዝቢ ሸይሸይ ምባል ከም ሕጊ ወሰዱዎ ። እዞም ን
ይቶት ኣቶቶም ብዝያዳ ክብ ንምባል ድማ ኣብ ከባቢ ንዝርከቡ
ዓሌታት ብውግእ እናወረሩ ነቶም ዝተማረኹ ባሮቶም ብምግባር
ከም ድላዬም ከሸጡዎም ከለውጡዎም ከቕተልዎም ጀመሩ ።
ባሮት ተገፊዖም ከባብ ተወጽአ ብርተዐ ሥራሕ ከሰርሑ ተገደ
ዱ ። ንኩነታት መነባብር ናይ ጉይቶት መታን ከጥዕም ኩነታ
መነባብር ናይ ባርያ እናኸፍአ ከደ ።

ብ ብምውራር ኣብ ተሓቲሉ ኣእተዩ ክምዝምዝ ስለ ዝደሊ ውግኣት
ይገብር ። እምበኣርከስ ኣብዚ ናይ መሰፋፍሪ ሕብረተ ሰብ ኩናት
ከሁሉ ናይ ግድን እዩ ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ሕብረተ ሰብ እዚ
እውን እቲ ኩናት ብኽለተ ዓይነ ክርኢ ኣለዎ ። እቲ ገሊኡ ጭቁ
ናን ምዝማዝን ከፊኡዎ ወይ ከኣ ናይ ባዕዳዊ ጸላኢ መታን ክይ
ወር ኩናት ክኸውን እንከሎ እቲ ገሊኡ ግን ንምጭቋንን ንምዝ
ማዝን ንምውራርን ዝገብሮ ኩናት እዩ ። ስለዚ እቲ ቀዳማይ ቀኑ
ዕ እቲ ካልኣይ ግና ዘይቅኑዕ ኩናት እዩ ። ቀዲሙ ሕብረተ ሰብ
ናብ ርእሰ ማላዊ ስርዓት ምስ ተሰጋገረ፡ እቶም ውሑዳት ርእሰ
ማላውያን ናውቲ ማእተቶም ብምውናን ንጉልበት ሽቃሎ ብምዝማዝ
ኩነታት መነባብሮኦም ክጸጠይኹ እንከለው፡ እቶም ብዙሓት ሠራሕተ
ኛታት ግና ናውቲ ማእተቶም ስለ ዘይውንኑ መታን ክነብሩ ጉልበ
ቶም ክሸጡ ይግደዱ ኣብ ርእሲ ምጅናም፡ መኸሰብ ናይቶም ርእሰ
ማላውያን መታን ክስዝሕ ኩነታት መነባብሮኦም እናኸፍኤ ይኸይድ
ሕብረተ ሰብ ብኽርጭት ናይዝም ተቓውምን ዱለየቶምን ከሳማምዕ
ዘይክእል ክለታ ቀንዲ ደርብታት/ብርጊ ብርጅቀን ደርቢ ሠራሕተ
ኛን፡/ይናወጽ ። እቶም ርእሰ ማላውያን ውሑዳት ስለ ዝኾኑ እን
ጻር እቶም ብዙሓትሰራሕተኛታት ተቓውሞ መታን ክሕሉ ጠይሊ መን
ግሥቲ ኣብ ኢደም ብምጭባጥ፡ ንምንቅስቓስ ናይቶም ሠራሕተኛታቶም
ጥራይ ዘይኮነስ ጥረ ነገርን ሕሡር ጉልበትን ዕዳጋን መታን ክ
ረኽቡ ንካልኦት ሃገራት እውን ወረርዎ ብምጠዝ ግዝኣት የጥርቁ
ናይ ቀጥታ ግዝኣት ምጥራይ ኩነታት ምስ ዘየፍቅደሎም ብዙቆቆ
ሪ መንገዲ ስውር ግዝኣት የጥርቁ ። ብዚ ምኽንያትዚ ከኣ ሕብረ
ተ ሰብ ካብ ኩናት ናጻ ክኸውን ኣይክእለን ። እቲ ገሊኡ ኩናት
ኣንጻር ጭቁናን ምዝማዝን ክኸውን እንከሎ እቲ ገሊኡ ግን ጭቁ
ናን ምዝማዝን ንምርጋእ ይኸውን ። እቲ ቀዳማይ ቀኑዕ ክኸውን

ሕብረተ ሰብ ከኣ ኣብዚዮም ጥቕሞምን ዱለየቶምን ዘይሰማማዐ ከ
ለተ ደርብታት ማለት ደርቢ ወነንቲ ባርትን ደርቢ ባርትን ተ
ኸፋፈለ :: እቶም ጉይቶት ወሑዳት ብምዃኖም ነቲ ተቓወምታት ና
ዩ ባርት መታን ክቕጻጸሩ መንግሥቲ ከሙ ናይ ግዶን ኮኖም ::
ባርት ኩነታት መነባብሮኦም መሪሩዎም ከቃለሱ: ጉይቶት ድማ
ጥቕሞም መታን ክይጠፍኦም መንግሥቲ መሳርሒ ብምግባር ንምንቅ
ስቓስ ባርት ከጥፍኡ: ኣብ ርእሲኡ እውን ተወሲኺ ባርት ንምጥ
ራይ ንካልኦት ሕዝብታት ኣምሪርዎ ከሕዙ፣ሕጊ ናይቲ መቓእለ
እቲ ብምዃን ንሕብረተ ሰብ ሰላም ከሊኡ ኩናት ነዝሐሉ :: እዚ
ኩናትዚ ግን ብከለተ ዓይነ ክርኢ ይግባእ :: እቶም ባርት ጭቍ
ናኦምን ምዝማዝምን ንምቅላል ዝገብርዎን እቶም ገለ ድማ ና
ዩ ጸላእቲ ወራር ንምቅዋም ዝገብርዎ ኩናት ቅኑዕ ኪኸውን እ
ንክሉ: እቶም ጉይቶት ግን ናይ ብሕቲ ጥቕሞም ንምርጓድን ንም
ስፍሕፋሕን ኣንጻር ባርትን ኣንጻር ካልኦት ዓሌታትን ዝገበሩ
ዎ ኩናት ዘይቅኑዕ ኩናት እዩ :: ቀጺሉ ሕብረተ ሰብ ሐደ ደረ
ጃ ምስ ተሳገረ: ማለት ኣብ ናይ መስፍንነት ስርዓት :ኣብኡ
እውን ሕብረተ ሰብ ኣብ ክልተ ቀንዲ ደርብታት ተኸፊሉ ይርከ
ብ :: እቲ ሐደ ደርቢ ደርቢ መሳፍንቲ ቀረባት ዝኣባላቱ ኩይኑ
ሐይሊ መንግሥቲ ግን ኣብ ኢዱ ስለዝኾነ ነቲ ብዙሓት ዝኣባላ
ቱ ደርቢ ተወፋሪ ጨቊኑ ክገዝኦ ይርከብ :: ኣብዚ እውን እንደ
ገና ጥቕሞምን ድለየቶም ዝተፈላለዩ ክሉ ዝኾነ: እሞ ከኣ ኩነ
ታት መነባብሮ ናይቲ መስፍን ዝመሰየሸ ኩነታት መነባብሮ ናይ
እቶም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ተወፋሪ ብምኻፋእ ስለ ዝኾነ እቲ
ኣብ መንገኦም ዘሎ ገርጭት እናበለጸ ምስ ከደ ኩናት ከሰዕብ
ናይ ግዶን ይኸውን :: ምኽንያቱ ድማ እቲ መስፍን ተገዚኡ እን
ተዱኣ ዘይኮይኑ ጥቕሚ ናይ ተወፋሪ ክሉ ስለ ዘይከኣለ እዩ
ኣብ ርእሲኡ እውን ሐደ መስፍን ንካልኦት ዓሌታት ወይ ኣህዛ

እንከሎ እቲ ካልኣይ ዓ[illegible] ዘይቀኑዕ እዩ።እቲ ንጥቀምን ድሉ
የትን ጠፋሽ ዝነበር ኩናት ብዙሕ ሽግርን መስዋእትነትን ዘጠ
ተተ እኳ እንተኹነ ኣድላይን ጠቓምን እዩ።እቲ ኣንጻር ድሉ
የትን ጥቓምን ጠፋሽ ዝገበር ኩናት ምእንቲ ረብሐ ናይ ብፍላይ
ዝቆጸረ ውሑዳት ገዛእቲ ከብሊ ንሕብረተ ሰብ ብዙሕ ከሳራን
ዕንወትን ጥራይ ስለ ዘምጽእላ ኣድላይን ጠቓምን ኣይኮነን።
ሕብረተ ሰብ ኣብ ገዛእትን ተገዛእትን፡ጨቆንትን ተጨቆንትን
ደርብታት ተፈላሊዩ ከሳብ ዘሎ ግን....

ምዕባለ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣብ ንቡጥ ኩነታት እተመ
ርኮሰ ፍሉይ ጠባያት ይሃልዎ ድእ ኣምበር፡ካብቲ ሓፈሻዊ መስ
መር ጉዕዞ ምዕባለ ናይ ካልእ ሕዝብታት ብምውጻእ ናይ በይኑ
ሕጊ ዘኽተለ ኣይኮነን።ብዚ ምኽንያት እዚ ታሪኽ ሕብረተ ሰ
ብ ኤርትራ ከምቲ ታሪኽ ናይ ካልኦት ሕዝብታት፡ብምፍጣር ናይ
ደርብታትን ብምኽንያት -ናይዚ ዝተፈላለዩ ጥቓሚ ዘመጸ ግርጭት
ኣብ መንጎ እዞም ደርብታትን፡ውግእት ዝዓብለሉ ታሪኽ እዩ።
ቀዳሞት ኣቦታት ገዛእትን ተገዛእትን፡ጨቆንትን ተጨቆንትን፡
ብምዃን ብዙሕ ኩናት ጠድ ሕድ ኣሕሊፎም እዮም።እዚ ጥራይ
ከይኣክል ብየማን ብጸጋም ዘመጽእ ዝነበረ ወራር ኣና ተቓወሙ
እውን ብዙሕ ኩናት ገይሮም እዮም።ብናይ ሞይ ቤታትን ኣን
ዳታትን ብሔራትን ደረጃውን ነንጠድሕዶም ተጨፋጪፎም እዮም።
ኣብ እዚ ዳሕረዋይ ዘመናት ድማ ኣንጻር መግዛእቲ ቱርኩን፡
ግብጽን፡ጣልያንን፡እንግሊዝን፡ሕዝቢ ኤርትራ ዓቕሙ ብዘፍቀደ
ሉ ተቓሊሱ እዩ።ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ኣንጻር ግዝኣት ኢት
ዮጵያ ኣብርቲዑ ብምቅላሱ እቲ ቀኑዕ ኩናት የካይድ ኣሎ።
እምበኣርከስ ሕዝቢ ኤሰና ኣንበምዎም እቶም ውሑዳትን ጥቓ
ትን ጠፋሽ ስለ ዝኾኑ፡ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቶም ጠፋሽ ዝገ

ብሩዎ ዝነበረ ኲናት ቀኑዐ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ሕዝባዊ እውን እዩ። እቶም ሹመኛታት ገዛእትን ኤርትራውያን ዝገብሩዎ ዝነበረ ኲናት ንሕዝቢ በኻ ብምግባር ጥቕሞም ንብረቶም ንምምሕያሽ ስለ ዝኾነ ዘይቀኑዐ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ዘይሕዝባዊ እውን እዩ። እዚ ድማ ሐንቲ ብሔር ንካልእ ብሔር፡ ሐንቲ እንዳ ንካልእ እንዳ ወረር ኣብ ትገብረሉ ዝነበረት ግዜ ዝምልከት እዩ። እምበኣርከስ ኣብ ኤርትራ ናይ ወደባት ይኹን ናይ ባዕዳዊ ጭቁናን መግዛእትን ከባቢ ዘሎ ኲናት ከዓርፍ ከምዘይክእል ከንርስዖ ኣይግብኣናን። ከምዚ ከብሃል እንከሎ ናይ ኲናት ወለፊ ዘሎካ የምስል ይኸውን። ፈታው ኲናት የምስል ይኸውን፡ ምናልባት እውን ጸረ ሰላም የምስል ይኸውን፡ ከም ሰውራውያን መጠን ብዛዕባ ኲናት ከህልወና ዘለዎ ርእይቶ ፍሉጥ እዩ።

ጭቁናን ምዝማዝን ከባቢ ዘሎ እንጻረ ንዝገበር ኲናት ፈተውትን ደለይትን ጥራይ ዘይኮነስ ጠገዝትን ከንከውን ~~[illegible]~~ ኢና። ኣብዚ ግዜ እዚ ሃጸያውያን ኣዱሐርሐርቲ ኮራኮርም ንውጹዕ ሕዝቢ ዓለም ንምጭቋንን ንምምዝማዝን ኣብ ዘኽእሎም ኩነታት ሰላም ከደሰቀ እንከለው፡ ረመጽ ብምዃን ሰላም ከንከልኦም ስለ ዝገብኣና ኣብ ከምዚ ኩነታት እዚ ጸረ ሰላም ፈተውትን ደገፍትን እዩ።

እቲ እንዱገፍ ኲናት ግን ኩሉ ግዜ እቲ ንጭቁናን ንግዝእትን·ንምጥፋእ ዝተዓጥቀ ከኸውን ኣለዎ። ሰላም ከነገሰ ዘኽእል ኩሎም ጨቀንትን መዝመዝትን ምስ ዝጠፍኡ ጥራይ እዩ። ጨቀንትን መዝመዝትን ከባቢ ዘለው ግን ኲናት ከጠፍእ/ከዓርፍ/ኣይከእልን እዩ፡ ብዚ ምኽንያትዚ ሰላም ምእንቲ ከርከብ ኲናት ምትናእ ኣዱላይ ኩይኑ ይርከብ።

ታሪኽ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ናይ ደቀባትን ባዕዳውያንን ዉቕን.
ኣንጻር እቲ ውጹዕ ሓፋሽ ዝተሰወኣሉ ታሪኽ ስለ ዝኾነ ካብ ኩ
ናት ነጻ ኰይኑ ኣይፈለጠን ። ሓደ ሓደ ግዜ ሰላም እኳ እንተተ
ራእየ ግዝያዊ ብምዃን ቦታኡ ንኩናት ይለቅቕ ነይሩ ። ሕዝቢ ኤ
ርትራ ካብ ኩናት ዓሪፉ፡ሰላም ብምርካብ ፡ውራይ ምምሕያሽ መነ
ባብርኡ ንምግባር ቓልሱ ኣንጻር ተፈጥሮ ጥራይ ዘቕንዓሉ ዱኣ
መዓስ እዩ ።

ሕዝቢ ኤርትራ ናይ ባዕዳውያን ወደባታውን ጭቆና ክሳብ ዘ
ሎዎ ከቶ ሰላም ክረክብ ኣይክኣለን እዩ ። ኣብ ምሉእ ዓለም ሰ
ላም ከይሰፈረ ዝኾነ ይኹን ሕዝቢ ቀዋሚ ሰላም ረኺቡ ማለት ሓ
ሶት እዩ ። ኣብ ምሉእ ዓለም ሰላም ክርከብ ዝኽእል ኩሎም ዉቀ
ንተን መዘመዘትን ምስ ዝጠፍኡ ጥራይ እዩ ። እዚ ማለት ዱማ ና
ይ ኩሎም ዉቀንተን መዘመዘትን መሪሕ ዝኾነ ዓለማዊ ሃጸይነት
ተሓምሺኹ ክራኹሩ ኣብ መቓብር ምስ ዝሰዐብዎ ማለት እዩ ።—
ዓለማዊ ሃጸይነት ክሕምሽሽ ዝኽእለሉ ክመይ ኢሉ እዩ ። ዓለማዊ
ሃጸይነት ጥቕሚ ናይ ብሑታት ርእሰ ማላውያን ንምሕላው ኣብ ም
ሉእ ዓለም ብፍላይ ዱማ ኣብ ባሰጓይ ዓለም ኣፍሪቃ፡ኤስያ፡ላቲ
ን ኣመሪካ ሰራውር ዘርጊሑ ስለ ዝርከብ፡ኣብ ፈቖደ ሃገራት ዘ
ሉ ሰራውሩ ምስ ዝበታተኽ ግደ ንፋስ ብምዃን ረማዕማዕ ክበለ
ይኽእለ ። ኣብ ፈቖደ ሃገራት ዘሎ ሰራውሩ ዝበተኽ ዱማ በቲ እ
ብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዘለዓለ ሕዝባዊ ኩናት እዩ ። እምበኣርከ
ስ እዚ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ሕዝባዊ ኩናት ገለ ካብ ሰራ
ውር ናይ ዓለማዊ ሃጸይነት ብምብታኽ፡ንሕዝቢ ኤርትራ ብፍላይ፡
ንሕዝቢ ዓለም ዱማ ብሓፈሻ፡ሰላም ንከምጽእ ይቃለስ ስለዘሎ ሓ
ደ ክፍሊ ናይቲ ኣብ ዓለም ዝካየድ ዘሎ ሕዝባዊ ኩናት እዩ ።
ስለዚ ናይ ኤርትራ ጥቡጥ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ሓደሓደ

ፍሉይ ጠባያትኳ እንተርአዩ፡ናይ ኤርትራ ሕዝባዊ ኲናት ካብቶም
ካልኦት ሕዝባዊ ኲናት መሠረታዊ ፍልልይ ከህልዎ አይከአለን'ዩ
ከምቶም ሕዝባዊ ኲናት ናይ ኢንዶ ቻይና/ቬትናምን ካምቦድያን/
ሕዝባዊ ኲናት ኤርትራ ብዙሕ ቀራጽነትን ደግንነትን መስዋእትነ
ትን ዝጠየቐ እዩ።ከምአታቶም ድማ አብ መወዳእታ ዓወት ዘይተ
ርፍ እዩ።እምበአርከስ እዚ አብ ዓወት ክበጽሕ ከም ዝኸአለ
ክንሐስብ ይግባእና ።

ዝኾነ ይኹን ብሕልፊ ድማ ሕዝባዊ ኲናት፡ከመይ ኢሉ ከም
ዝጀመረን ከመይ ኢሉ ማዕቢሉ አብ ዓወት ከም ዝበጽሐን ናይ ገ
ዛእ ርእሱ ምኽንያታትን ሕጋታትን አለዎ።ዝኾነ ይኹን ሕዝባዊ
ኲናት ዝጀመር፡እቶም ሐፋሽ ሕዝቢ ናይ ሐንቲ ሃገር ናይ ዐደባት
ወይ ከአ ናይ ባዕዳዊ ገዛኢ ጭቁና መሪሩዎም፡ጭቆንኦም ንምቅላ
ል ብዙሕ ናይ ሰላማዊ መገዲ ቓለስታት ፈቲኖም ምኳን ምስ አ
በዮም፡አብ ሐይሊ ብረት ተጸጊዖም ዉቓኖም ንምድምሳስ ምስ ዝ
ዐጠቐ እዩ።እቲ ብረታዊ ቓልሶም ግን ብዝተፈላለዩ አገባብ ክ
ጀምርዎ ይኽእሉ።ገሊኦም ን ቁሓት መራሕቲ ብምርካብ አብ ሐይ
ተወዲቦም ጸላኢኦምን ፈታዊኦምን መምዩም ብምፍላጥ፡ሐይሎምን
ሐይሊ ጸላኢኦምን ብምምዝዛን፡ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት አብ
ግምት ብምእታው ብበረዐ መደብን ብፍሉጥ ሕንጻጽን ተመሪሖም
ሰለ ዝጀምርዎ ዘ የዱሊ ብሳራን መስዋእትነትን ከይተኸሉ ዓወት
ም የቀላጥፉ ።ገሊኦም ግን ካብ ዘይንቀሐት ዝ ተሳዐለ ብዘይ
በረዐ መደብን ፍሉጥ ሕንጻጽን ብረታዊ ቓልሶም ይጀምሩ እሞ
ጸላኢኦምን ፈታዊኦምን መምዩም ካብ ዘይምፍላጥ ዝ ተሳዐለ ሐይ
ሎምን ሐይሊ ጸላእን ከማዛዝኑ ብዘይምኽአሎም ውሽጣውን ግዳ
ውን ኩነታት አብ ግምት ከእትውዎም ብዘይ ምኽአሎም ዝኾነ ይኹ
ን ዝወሰኑዎ ስጉምቲ ከም አብ ጸልማት ሃሰስን ደርገፍገፍን አ
ናብልካ ዝኸይድ ዓይነት ስጉምቲ ኮይኑ አብ ርእሲ ምትራፉ ገት

በለጸትን ኣድሓርሓርትን ምቕእ መፍረዲ በታ ብምዃን ንቓልሲ
ናይ ሓፋሽ ብዙሕ ሰለሎ የእተውሉ ። ዘ የድሊ ከሳራን መሰዋእ
ትነትን እውን የሰዕበሉ ። ናይ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ እውን
በዚ ካልኣይ ኣገባብ ስለ ዝተጀመረ ፡ ናይ ብዙሓት ተበለጸትን
ኣድሓርሓርትን መጻወቲ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ፡ ኩናት ሓድሕድ ኣሸ
ቲሉ ዘ የድሊ ከሳራን መሰዋእትነትን ኣስዒቡ እዩ ። ንጸላኢ
እውን ሓይሉ ንምድልዳል ብቑዕ ግዜ ኣብ ርእሲ ምሃብ ፍናን
እውን ሂቡዎ እዩ ። ኣብ መወዳእታ ግን ብጸዓት ናይ ሕዝብን
ደሞክራሲያዊ ሓይልታትን እቲ ጸዩፍ ኩናት ሓድሕድ ዓሪፉ ብ
ረት ተጋደልቲ ብምሉኡ ኣንጻር ጸላኢ ብምቕናዑ ዓወት ሕዝቢ
እዩ ። ድልየት ሓፋሽ ሕዝቢ ኩሉ ግዜ ይቕልጥፍ ይደንጉ ድኣ
እምበር ዝዕወት ብምዃኑ እንሆ ብቀዳማይ ደረጃ ኩናት ሓድ
ሕድ ጠጠው ብምባል ኣብ ልዕሊ ሰውራውያን መስልን ተበለጸት
ን ኣድሓርሓርትን ተዓዊቱ ኣሎ፣ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ልዕሊ ባዕዳ
ውያን ገዛእትን ትርፍራፍ ሰውራውያን—መሰል ተበለጸትን ኣድ
ሓርሓርትን ክምዝዕወት ዘየጠራጥር እዩ ። እዚ ናይ መጠረሽታ
ዓመት መዓስ እዩ ዝመጽእ ፡ መዓልታት ዶዩ ተሪፉ ፡ ኣዋርሕ ዶ
ዩ ተሪፉ ፡ ወይ ከኣ ዓመታት እዩ ተሪፉ ።

ምዕባለ ናይ ዝኾነ ይኹን ነገር ካብቲ ኣብ ውሽጡ
ዘርከብ ግርጭት ክምዝፍጠር ፡ ምዕባለ ናይ ሕዝባዊ ኩናት ብሓ
ረሻ ፡ ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ፡ በቲ ኣብቲ ኩናት
ዘሎ ግርጭት እዩ ዝውሰን ። ኣብ ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ዘሎ
ቀንዲ ግርጭት እቲ ኣብ መንጎ ጭቁን ሓፋሽ ኤርትራውን ኣብ
መንጎ ወጻኢ ገዛእቲ ኢትዮጵያን ዘሎ እዩ ። እዚም ክልቲ ኣን
ጻራት እምበኣርከስ እና ተቓለሱ ኣብ ዘኸዱሉ ግዜ ሓዲኦም እ
ናደኸመን እናሓመቐን ከኸይድ እንከሎ እቲ ኣንጻሪ እናሓየለን

እናበርትዖን ይኸይዱ ። ኣብ መጀመርያ እቲ ጠያለን ዓብላለን
እቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ክኸውን እንከሎ: እቲ ጠፋሽ ሕዝቢ ኤ
ርትራ ግን ድኹም እዩ ዝጸንሐ ። ግዝኣት ኢትዮጵያ ናይ መን
ግሥቲ መሳርዕ ብምጥቃም ብዝሒ ወተሃደራትን ዝበለጸ እጽዋር
ውግእን ክህልዎ እንከሎ ጠፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ግን ቀዳሚ
ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ ኩሉ በትሪ እኳ ኣይህልዎን ። ኣብ መ
ጀመርያ ተቓውሞ ሕዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ክኸውን እ
ንከሎ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ግን ብጠይሊ ብረት ተምልሸሉ ነበ
ረት ። ኣብ መወዳእታ እቲ ገርጭት እናበለጠ ምስ ከደ ሕዝቢ
ኤርትራ ብረታዊ ቃልሱ ክጅምር ተገደደ እሞ ብጠደ ከለተ ጠ
በናጁን ብውሑዳት ሰባትን ንበረኻ ወፈረ ። ተጋዳላይ ቀጸረን
ጠይሉን ምስ ቀጸርን ጠይለን ናይ ጸላኢ ሰማይን ምድርን ስ
ለዝኾነ ኣብ በረኻታት ኩላሉ እናበለ: ጸላኢ ከመጸ እንከሎ
ድማ እቀቋው እናዘለቀ፣ ነቲ ጠፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ክረድኦን
ከዕጥቖን ናይ ግድን ይኸና ። ተጋዳላይ እጥቋው ዝዘለቀሉ ም
ኽንያት እገረይ እውጽእኒ ኢሉ መታን ክይመውት ዘይኮነስ ን
ጸላኢ ካልእ ግዜ ብዝገደደ መታን ከጥቅዕ ኢሉ እዩ ። ተጋዳ
ላይ ዝቀጋእ ንጸላኢ ከድምስስን ንነፍሱ ከሕሉን እዩ ። ንነ
ፍሱ ዝሕሉ ግን መታን ንጸላኢ ከድምስስ ድኣ እምበር መታን
ከይስዋእ ኣይኮነን ። እምበኣርከስ ኣብ መጀመርያ እቲ ጸላኢ
ብርቱዕ እቲ ጠይሊ ሕዝቢ ግን ድኹም ብምዃኑ: ብረታዊ ቃልሲ
ካብ ከተማታትን ዕርድታትን ናይ ጸላኢ ርሑቕ ዝበለ: ጸላኢ
ብቕሊሉ ብመኻይን ክኣትዮ ዘይክእል ብዙሕ ወረ እውን ክረኽ
በሉ ኣብ ዘይክእል ሰንቀን ብረትን ክተመጠላለፉሉ ኣብ እት
ኸእል ቦታ ኣብ ገጠር ይጅመር ። ከምዚ ዓይነት ኩነታት መበ
ዛሕትሉ ግዜ ኣብቲ ርእሱ ዓላዊ ስርዓት እዚ ዩ ዘየሰፋሕፍሐ
ሉ መብዛሕትኡ እቲ ጠፋሽ ሕዝቢ ካብ ሕርሻ ዝመነባብርኡ ክ

ኸውን እንከሎ እዩ:: በዚ ምኽንያትዚ ከአ እዩ ብረታዊ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ደሚሩ ሬኸም እናበለ ኣብ ኩሉ ቦታታት ኤርትራ እተዘርአ:: ሽሕ እኳ ብቀኑዕ ሕንጻጽ ይምራሕ እንተዘይነበረ ጭቆና መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝመረረ ኤርትራዊ እናተሰለፍ ብዝኸደ መጠን ሰውራ ኤርትራ እናበርትዐ ከደ እሞ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ብፖሊስ ዓቢይ ጥራይ እትቃወም ዝነበረት ፍሉያት ናይ ኮማንዶስ ወተሃደራዊ መለሚላ ኣብ ምልእኸን ጦር ሠራዊት ኣብ ምስላፍን ተገደደት:: ኣብ ምጥቃዕ ጥራይ ዝነበረት ኣብ ምከልኻል ኣዘንበለት:: ኣረ እዚ ጥራይ ኣይኮነን ኣብ ገሊኡ እውን እገረይ ኣውጺእኒ ህድማ እውን ጀመረት ::
ኣብ መንግሥቲ ኢትዮጵያን ሕዝቢ ኤርትራን ዘሎ ግርጭት ቀዓማዊ እኳ እንተኾነ ኣብ ሕዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ካልኣዊ ዝኾነ ግርጭት ብምህላውን: እዚ ካልኣዊ ግርጭት: ግርጭት ኣብ መንጎ ሕዝቢ ከም'ቧኑ መጠን ብሰላማዊ መንገዲ: ብደሞክራሲያዊ ዝተኸፍታሕ ዝግብኦ እኳ እንተኾነ ብገቡእ መንገዲ ሰለ ዘይተታሕዘ ኣቀዲሙ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ሰባት ቀጺሉ እውን ኣብ ልዕሊ ማሕበራዊ ጉጅለታት ናይ ምቅንጻል ተግባራት ሰለ ዝኸተለ: ንግዚኡ ናይ ሕዝቢ ኤርትራን ናይ መንግሥቲ ኢትዮጵያን ጠይሊ ሚዛን ኣዝዩ ኣረጠጠቐ'ሞ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ገዲፋቶ ሃዲማ ዝነበረት ናይ ገጠር ነቑጣታት ተመሊባ ከተሕዝ ጀመረት :: ሰውራ ኤርትራ ግን ምስ እዚ ኩሉ ውሽጣዊ ሽግራት እናማዕበለን ብሩህ መልከዕ እናጠዘን ሰለዝኸደ ንግዝኣት ኢትዮጵያ ብፖለቲካዊ ወተሃደራዊን ኢኮኖሚያዊ ገንባራት ብዙሕ ከሳራታት ከምጽእላ ከአለ :: እቲ መሰፍነ ርእሰ ማላዊ ሰርዓት ናይ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘካይዶ ኲናት ምኽኣሉ ምስ ሰኣነ: ሰብ ጸረራ ወተሃደራት ነቲ ናይ ኃይለ ሥላሴ መንግሥቲ ገልቢጦም ንኲናት ኤርትራ ንምቕያድ ዓበይቲ ኣብያት [illegible] [illegible]

ከታትን ናይ መድሕን ማሕበራትን ኣብ ኢድ ወተሃደራዊ ሥልጣን ምእታው ናይ ግድን ኮኖ ። ብሰንኪ ኲናት ኤርትራ ኢኮኖሚያዊ ተሕዝቶ ናይ ኢትዮጵያ ለጠቕ ምባሉን፡ ኲነታት መነባብሮ ሓፋሽ ሕዝቢ ኢትዮጵያ እናኸፍአ ምኻዱን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ምንቅስቓሳት ምልዓሉን ስለ ዘኸተለ፡ ነቲ ምንቅስቓስ ናይ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ንምጕንፃብን ንግዝኣት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ሓዉሽ ሓይሉን ኢኮኖሚያዊ ተሕዝቶን ንምቕፃሉን እዚም ኮራኲር ኃይለ ሥላሴ ዝነበሩ ሰብ ጸረራ ። ኢትዮጵያ ሕብረተ ሰብኣውነት ። ብዝብል ባዶ ጭርሖ ተመሪሖም ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ክንፈትሖ ኢና እናበሉ የህተፍትፉ ነይሮም ። እዚም ወተሃደራዊ መንግሥቲ ዓቕሞም ። ሰላማዊ ፍታሕ ። እናበሉ ዝገዕሩ ዝነበሩ ወተሃደራት እቶም ንሕዝቢ ኤርትራ ብንሕስያ ዘይብሉ ኣገባብ ዝቐተሉን ዝርሸኑን ዝነበሩ ስለ ዝኾኑ ከምቲ ። ዝብእስ ክሳብ ዝደልያ ይሕንከስ ። ዝበሃለ ክሳብ ዝደልዮም ይደርፉ ከም ዘለው ካብ ሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ስውር ኣይነበረን ። ብሓደ ወገን ብቲ ውሽጣዊ ኲነታት ናይ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ብቲ ሓደ ወገን ድማ ብቲ ውሽጣዊ ኲነታት ሰውራ ኤርትራ ማለት ብምግምጣል ናይ መንግሥቲ ኃይለ ሥላሴን ብምቕፃል ናይ ኲናት ሓድሕድ ምኽንያት እቲ ዝገራወ ዝነበረ ክልተ ክፍሊ ሰውራ ኤርትራ /ህ.ሓ.ግ ተ.ሓ.ኤ.ን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ንምድልዳልን ብብሕንጻጻት ካብ ሕዝቢ ዝበዝሐ ደገፍ ንምርካብን ሓይሎታቶም ኣብ ከባቢ ኣሥመራ ንምኣካብ ተገደደ ። ድሕሪ ብዙሕ ኲናት ኣብ ሓድሕዶን ድሕሪ ብዙሕ ድኻም ብወገን ሕዝብን ኲናት ሓድሕድ ጠጠው በለ ንወተሃደራዊ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ሽግር ኣንጸላለወሉ ። ሕዝብን ተጋደልትን ከይተዳለዉ እንከለዉ ክተዘንግዖ ኢሉ ወረራ ገኸ

ተገበር ከገበሰት ::ወደ ሃደራ ታ ብዱርዓት መኪይንን ነፈርተን
ተሰንዩም ን ተጋደልቲ ከገጥሙ ፈተኑ ::ብብዝወፈረያ ደማ ረሳ
ታቶምን ብረቶምን መኪይናዎምን ሓሓንጢናዎም ኣብ ፈቐደ መደብራ
ት ፖሊስ ናይ ኣሥመራ ከዕቑቡ ከሀደሙ እንከለው መሰሉቐን
መጓወትን ናይ ቀለዐ ኩይናዎም እዮም ::ብረቶም ሽሽይጦም ንዓ
ደም ዝ ሃደሙ እውን ውሑዳት ኣይኮኑን ::እዚ ዓወት እዚ ከርከ
ብ ዝ ተኻእለ እቲ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝነበረ ገርጭት ካሌእ
፪ ብምኽን ንደሞክራሲያዊ ዘተ ከቕርብ እንከሎ ::እቲ ቀዳማ
ዊ ገርጭት ኣብ ሓደ ደረጃ ብምብጻሑ እቲ ኩናት ሰለ ዝበር
ተዒ ኣብ ምሉእ ዓለም መቓልሕ ብምምላስ ናይ ብዙሓት ሃገራ
ት ናይ ዜና ማዕከናት ከውር ያሕ ደመራ ::ንገለ ኤርትራውያን
እዚ ሃንደበታዊ ሰለ ዝነበረ ዓወት ብመዓልታት ዝመጽእ ጥራ
ይ ኩይኑ ተሰምዖም ::ተጋደልቲ ንወተሃደራት ኢትዮጵያ እናኮ
ብኮቡ ማይ ተመናይ ካብ -ኣብጽሑዎም ፍርቶ እያ ጥራይ ተሪፋቶ
ም ዘላ ::ንሳ ደማ ጸቢሕ ወይ ዱሕሪ ጸቢሕ ከእተውዎ እዮም
እናበሉ ከዛረቡ እውን ነይሮም እዮም ::እዚ ግን ሕዝባዊ ኩ
ናት ካብ ዘይምርዳእ እዩ::ኣብ ርእሲኡ'ውን ገለ ተጋደልቲ
ኣብ ከንዲ ንሕዝቢ ብዝ'ብስ መንገዲ እንቒሕካ ምውዳብን ሰ
ውራ ኤርትራ ዘለዎ ጉዕዞ ምርዳእን:ንኣሥመራ ከንእተዋ ኢና
መንግሥቲ ኢትዮጵያ እንታይ ኣለዎ ንሕና ከምዚ ኢና ::እቲእ
ቶም ግን ከምዚ እዮም እናበሉ ብዘይጠቕም ነፍሕታት ነቲ ገ
ርሂ ሕዝቢ ኣሰኪሮም ሰለ ዝጸገቡ ኣብ, ከንዲ ሓይሊ ጸላእን
ሓይሊ ሰውራን ብምምዝዛን እቲ ከኸውን ዝኸእለን ከኸውን ዘ
ይከእለን ዝግምቶ ንኩሉ ነገር ኣብ ዱልየት ጥራይ ተመርኲሶ
ም ብዝጠጸረ ግዜ ይጸበዩዎ ::ኩሉ ነገር ብዱልየት ጥራይ ዘ
ፍጸም ነይሩ እንተ ዝኸውን ደለ ጠንቲ ንጣብ ደም ከየፍሰሰ

ና ናጽነትናን ሓርነትናን ክንዐኮብ ኣይምሓሸን ነይሩ እንደ
እንተኾነ ግን ዘኾነ ኮይኑ ተራእዩ ምኽንያትን ምቕእ ኩነታ
ትን ዝሐተተ ብምዃኑ ዓወት ሰውራ ኤርትራ እውን ቀደሚ ምዕቓቓ
ቀቶ ዘደለዩ ነገራት ኣሎ :: ንሱ ደማ ሓይሉ ሚዛን ጸላእን
ሓይሊ ሚዛን ሰውራን ከመይ ከም ዘመጣጠን እዩ::ንሓይሊ ሚ
ዛን ናይ ነፍሲ ወከፍ ዘውሰን ከአ ብዙሕ ረቛሒታት ኣሎ ::
ንአብነት ሓይሊ ሰውራ ዝውሰን ሕዝቢ ክሳብ ክንደይ ከም ዝነ
ቅሓን ከም ዝተወደበን ኣብ ሰውራ ክሳብ ክንደይ ተኻፋልነት
ከም ዘለዎን ሓድነቱ ክሳብ ክንደይ ድልዱል ምዃኑን ካብ ገበ
ጋሪ ሕዝቢ ዓለም ክሳብ ክንደይ ደገፍ ከም ዘለዎን ውሽጣዊ
ኩነታት ጸላኢኡ ክሳብ ክንደይ ድኽምነት ከም ዘለዎን እዩ::
ስለዚ ሕዝባዊ ኩናት ኣብ ኤርትራ ጦታን ክዐወት ኩሎም እቶ
ም ደሞክራሲያውያን ሓይላታት ብሓባር√ሓደ ካብቱ ተገባሪ ክ *(1)
ኽውን ኣለዎ ::ንጸላኢ ምውዳቕ ብወተሃደራዊ ግንባር ጥራይ
ኣይኮነን ::ፖለቲካውን√ሽነ ኣእምራዊ/ሳይኮሎጂካዊ ኩናት/ (2)
ኩናት እውን እዩ ::ስለዚ ምኽንያት እዚ ተጋደልቲ ሰውራሎም ገ
ሐንቲ መዓልቲ ብምግባር ክጣልዑላ ኣይግብኦምን እዩ ጸላኢ ክ
ጥቅዕ እንክሎ ምዝላቕ፡ጸላኢ ክሃድም እንክሎ ምስዓብ፡ጸላኢ
ክእከብ እንክሎ ፋሕ ምባል፡ጸላኢ ፋሕ ክብል እንክሎ ድማ ምእካ
ኣኪብ፡ናይ ሕዝባዊ ኩናት ሜላ እዩ ::ስለዚ ጸላኢ ብሕልፊ ፕ
ቓ ዐርድታት ::ብብርቱዕ ሓይሊ ክወጽእ እንክሎ ጉድኣት ኣስዒ
ብካ ምዝላቕ ሓደ ካብቲ ንሕዝባዊ ኩናት ዘዓውት ተግባራት –
እዩ ::

እምበኣርከስ ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ብገጠራት ደሚሩ
ናይ ገጠር ዐርድታት ጸላኢ እናፀነወ ብዐርድታት እና ተኸ
ሕዝቢ እናንቀሐን እናወደበን እናሰለፈን፡ ነጻ ቦታት እናፈጠ
ዘቆነነስ ሓቆሊ ጳጳኺ'ውን ነመዋ ኺሉ
መጋገር ጥራይ ኣሰፋ፡

ረን፡ንከተማታት ገጹ ብምምራሕ ንወተሃደራዊ ሐይሊ ኢትዮጵያ
እናለኸበበ፡ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ወተሃደራውን ከሳራታት
እናስዓበሉ ብምኻድ ኣብ መጨረስታ ገረሮ መንግሥቲ ኢትዮጵያ
ብምሕናቕ ንሕዝቢ ኤርትራ ነጻነቱን ሐርነቱን ከም ዘጎናጽፍ
ተደጋጊሙ ዝገለጸን ናይ ካልኦት ሃገራት ሕዝባዊ ኩናት በብ
ግዜኡ ዘመስከርን እዩ እንተኾነ፡ኣብ ዝሐለፈ ለካቲት 1975
ዓ.ም.ፈ.ኣ ተገብረ ናይ ከባቢ ኣሥመራ ውግኣት ንብዙሓት ሕ
ዝቢ ሕዝባዊ ኩናት ዝተናውሐ ኩናት ምኳኑ ዘረሳስዩም ይመስ
ል ::እዚ ተጋደልቲ ኣብ ከተማ ኣሥመራ ዝገበርዎ ውግኣት ም
ስቲ ፍሉይ ኩነታት ምዕባለ ሰውራን ኣበጋግሳ ወተሃደራት ኢ
ትዮጵያ ዝተዛመደ ከኸውን እንከሎ ናይ መጨረሽታ ውግእ ብም
ግባር ኣሥመራ ንምሐዝ ኣይነበረን ::ኣሥመራበ ግዜኣ ኣያ ት
ጸበ ዘሎ ሕጂ ኣይኮነን ቀደሚ ኣሥመራ ምሐዝ ከገበር ዝግብኦ
ብዙሕ ነገራት ኣሎ ::እቲ ሐፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ መብዛሕትኡ
ኣብ ገጠራት ስለ ዘሎ፡ኣቕጻሙ ንሱ ከነቓሕን ከውደብን ከስ
ለፍን ኣለዎ፡ኣቕጻሙ እቲ ገጠራት ብምሉኡ ነጻ ከኸውን ኣለ
ዎ ::ዕላማ ሰውራ ነቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ምዕናው ጥራይ ኣይ
ኮነን ::ሐዳስ ኤርትራ ምፍጣር እውን እዩ ::ባዕዳዊ ጸላኢ
ኣውጺኡካ ኩነታት መነባብሮ ናይ ሐፋሽ ሕዝቢ ክመሐየሹ ዝ
ኽእል ኩነታት እንተ ዘይፈጠርካ ሕዝቢ እንታይ ተጠቕመ፡ግዝ
ኣት ኢትዮጵያ ኣውጺኡካ ንሕዝቢ ቁርበት በጊዕ ዝተኸደኑ ደ
ቀባት ተኳሉ እንተፈነኻሉ እንታይ ይረብሕ፡ኢትዮጵያ ኣውጺኡ
ካ ሕዝቢ ኣብ ነንሐደሕዱ ፍልስልስ እንተኣእተኻሉ ምስ ምን
ታይ ይቕጽር፡እምበኣርከስ ሰውራ ኤርትራ ንሕዝቢ ናብታ ዝነ
ውሐት ከረን መሪሑ ብምድያብ ንክረኽቦ ዘይብሉ ዝተመባጽዓ
መሬት ምሕባር ከኸውን የብሉን ሰርሑ ::ሰውራ ኤርትራ ዱሉ
ት ሕዝቢ ዝጭብጥ ከኸውን ኣለዎ ነዚ ኩሉ ነገራት ከባቢ ዝ

ገብሮ ሰውራ ኣብ በረኻ ከርተተ ክብል ኣለዎ ማለት ኣይኮነን
እንተኾነ ግን ውሕስነት ዘለዎ ጥቡቕ ነገር ምስ ፈጸመ:ንጸላ
ኢ ኣባሪሩ ዝተረፈ ዕማሙ ኣብ ሐይሉ ሕዝቢ ተመርኩሱ ክፍጸሞ
ይኽእል ::ብለዚ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣብ ድልየት ጥራይ ክመር
ኮስ የብሉን ::ኩነታት'ኳ የፍቀዱ ዶ ዩ:ምባል የድሊ :: ሕዝቢ
ናጽነቱን ሓርነቱን ክደሊ እንክሉ ኣብ ጥቡቕ ነገራት ተመርኩ
ሱ ዶእ እምበር ኣብ ሃዋሁው ተንጠልጢሉ ወይ ክእ ኣብ ናይ
ሕልሚ ዓለም ጥሒሉ ክኸውን ኣይግባእን ::ናጽነቱን ሓርነቱን
ማለት ኢተፀጸያ ወጺእ ባንደራ ምስ ቃለ ጥራይ ማለት ኣይኮነ-
ን ::ሕዝቢ ንባንዴራ ሸይጡ ወይ ክእ ለዊጡ ክበልዕ ኣይኮነን
ባንዴራስ ምልክት ደእ እምበር ምግቢ ኣይኮነትን ::ሕዝቢ ዝ
ለሰ ዘሎ ጥቕናን ምዝማዝን ኣጥፊኡ ኩነታት መነባብርኡ ክመሓ
ይሾሉ ዝኽእል ሰላም ንምፍጣር እዩ ::ኩነታት መነባብርኡ ክም
ሓየሽ ኣተሓባብሩኡ ክቕየርን ጸኑዕ ሓድነት ክእ ክህልዎን —
ይግባእ ::ናይ ሓባር ጥቕሚ ንምርካብ ናይ ሓባር ጻዕሪ ክለ
ዎዶ ኣለዎ ::እዚ ዶማ ካብ ንቕሓት ይመጽእ :: [illegible]
[illegible] ደረጃ ዝቀሐተ ሕዝቢ:ሰውራ ምስ ተዓወተ ጥራይ
ኣይኮነን ክብ ክብል ዝግብኦ ::ኣብ ቓልቢ ክሉ እውን ክጸዓረ
ሉ ዘለዎ እዩ ::እምበኣርከስ ንሕዝቢ ከምዚ ብረት ኣሎና:ቁጸ
ርና ክንደዚ እዩ:እንተደሊና ንእሠመራ ጸቢሕ ክንእቶ ንኽእ
ል:ንሕና ከምዚ ጌርና:ናጽነት ድሕሪ ክንደዚ ግዜ እዚ ክትመ
ጽእ እያ:እንተደለና ንጦር ሠራዊት ኣዲስ ኣበባ ክነብጽሖም
ንኽእል:ኣብዚ ነይረ ኣብቲ ነይረ:ዝብል ነፍሐትታት ኣይጠቕ
እን እዩ ::ብኸምዚ ነፍሕታት ጥራይ ክተመልሶ ሕዝቢ ተርጉም
ሕዝባዊ ኩናት ክርድኦ ሰለ ዘይክእል ክኸዎ ነፍጡ ተጋደልቲ
ውግእት ክገብሩ እንክለው ናጽነት መጸት ብምባል ንተጋደልቲ
ዝቕበሎም ዝተሳእነ ከምሰለ ሸበድበድ ይብለ፣ይሃይ ጡግእ እን
ተዘሐለ ዶም ብቕደሙ ምስ መንግሥት [illegible]

ውን እዩ ይብል ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ካብ ውግእ ተዘቢጦም
ከ ሃደሙ እንከለው መጋለሒ ድምጺ ዝወጠጠ ከመሰለ ፈኸራን ጋ
ይላን ከበሮ እዝኒ ሰብ ከባብ ዝሰንየቑ ይድርግሞ፡ ተጋደልቲ
እዝሊቖም ጸላኢ ንዓዱን ንእኽለን እንዲዱ ሰላማዊ ሰብ ምስ
ቀተለ ድማ ዘይወጽእ ጣዕሳ ከም ዘለዎ ለከሙና እቢ እናበለ
ዓለም ጸለሚታቶ ዘይጠልፍ መሲሉዎ ኩርምይምይ ይብል ። እዚ
ኩሉ ሰለምንታይ እዩ፡ ጠዩ ካብቲ ምኽንያት ውሽጣዊ ኩነታት
ሰውራ ዝፈጥሮ እዩ ። ንሱ ድማ አብ ከለተ ተኸፊሉ አብ ኩናት
ጠድሒዱ ብምንባሩ ዝያዳ ሰዓብቲ ንምጥራይ አብ ከንዲ ፖለቲ
ካዊ ትምህርቲ አምሃሪ ንመሰዋእትነት ዘዓለዎ ነቲ ሕዝቢ ብ
ዘይጠቕም ሃለውለው ይነፍጦ ስለ ዝነበረ እዩ ። ከምዚ ክብ ሃ
ል እንከሉ ንሕዝቢ ንምንቃሕ ዝተወሰደ ሰጉምቲ የለን ማለት
ዘይኮነስ ክንዱቲ ተጋዳላይ ምስ ሕዝቢ ዝራኸቦ ዝነበረ ክን
ዱሉ አይኮነን ። በዚ ምኽንያት እዚ ጠዱጠዩ ሰባት እዚ ናይ
ሃለውለው ዘረባታት ጥራይ ቀቀቢሎም አብ ምብዛሑ ግዜሎም የ
ጥፍኡ ስለ ዝነበሩ፡ አብ መወዳእታ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ውግእት
ተጋደልቲ ካብቲ ዓሪዶም ዝቐግእሉ ዝነበሩ ከበቢ አሥመራ ም
ዝውፃር ደሚሮም፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ከበጽሕዎ ምስ ደመሩ
መወዳእታ ዓለም ኩይኑ ተሰሚዕዎም ተስፋ ቆረጹ ። ካብ ዓይኒ
ዝገለለ ካብ ልቢ ገለለ ኮኖም ። እዚ ግን ምዕባለ ናይ ሰው
ራ ካብ ዘይምክታታለን ካብ ዘይምፍላጥን እዩ ። አብ ሕዝባዊ
ኩናት ምዝላቕ ንኪልእ ግዜ ብዝበለጸ ንምጥቃዕ ምዃኑ ካብ
ዘይምግንዛብ እዩ ። ሕዝባዊ ኩናት ግዜኡ ቀጋን ከም ዝጠተተ
ዘይምርዳእ እዩ ። ዕላማን ጠይሰን ናይ ሰውራ ኤርትራ ካብ ዐ
ላማን ጠይለን ናይ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ሰለዝኾነ
ሚላታቶም እውን ዝተፈላለየ ከኸውን ከም ዘለዎ ካብ ምርዳዕ
እዩ ።

ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ብናይ ውሽጡ ተበለጸትን ኣዱጠርጠርትን
ይኾን ብዓለማዊ ሃጸይነት ዝተደገፈ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ይኹን
ዝተዓለወ ብዙሕ ምስንኻል እናበጣጠሰ ኣብዚ ደረጃ እዚ ምብጻ
ሑ ዘጠቢን እዩ ። ተማሊ ተማሊ ኣበየናይ ኩነታት ነይሩ፡ ሎሚኸ
ሰውራ ኤርትራ ናይ ውሽጢ ሕርኽራኽ ዱእ እዩ ኣሸጊሩዎ ዝነበ
ረ እምበር፡ ናይ ሕዝቢ ምንቅስቓስ ስለ ዝኾነስ ነቲ ጥቕሚ ና
ይ ውጹዓት ዝሕሉ ገዝኣት ኢትዮጵያ ካብ ጸመደሉስ መንነቶ ብገ
ብሪ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝበለጸ ከገልጸሉ እዩ ።መንግሥቲ
ኢትዮጵያ ነፈርትን ዱሩዓት መኻይንን ታንክታትን ዝበለጸ መሳ
ርያታት ኣለዋ ። ሰውራ ኤርትራ እውን ብዓቕሙ ተሐዝቶ ዕጥቂ
እና ተመሳየሽ ይኸይድ ከም ዘሎ ኣብቲ ኣዱላዪ ኩነታት ተራእዩ
እዩ ። ሰውራ ኤርትራ ንኽዕወት ግን ከምቲ ናይ ኢትዮጵያ ነፈ
ርትን ዱሩዓት መኻይንን ታንክታትን ናይ ግዱን ኣየዱለዩን እ
ዩ ። ሕዝባዊ ኩናት ስለ ዝኾነ ብዝቕለለ ብረትን ብዝወጠደ ወ
ተሃደራዊ ተሐዝቶን ክዕወት ይኽእል እዩ ። ናይ ቬትናምን ካም
ቦድያን ኣብነት ዓቢ ናይ ዓይኒ ምስክር እዩ ። ዓወት ግን ከ
ም ዓርኪ ሕሉፍቲ ሀ ሀ እናበልካ ብጠደ ምሽት ዝመጽእ ኣይኮ
ነን ።መስዋእትን ምሉእ ግዜን ይጠቲ ስለ ዝኾነ ብርግኣት
ን ብቑራጽነትን ክንጋደል ይግባእና ።እቲ ካባና ዝዱለ ብዘይቕሉ
ሕለል መንፈስ ንዱሕነት ሕዝቢ ክንብል ክነወፈ ኣሎና ።ኣብ
ጥቡቕ ኩነታት ወጻኢ ብዚኾነ ሕልሚ ክንዕንዱር ኣይግባእን ።
ዝኾነ ይኹን እንገብር ሰውራዊ ተግባር ንመስረት ንዓወት ተ
ወሳኺ እምነ ምንጓቑ ስለዝኾነ ናብኡ ዱእ ነቲኩር እምበር ዓ
ወት ከም ጥንቲ ሰበይቲ ኣፍርሕ ጸብጺብካ ዝመጽእ ኣይኮነን ።
ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ብንጹር ስነ ጠባብ ይምራሕ ስለ ዘሎ
ከምቲ ናይ ቀደም ብሃሰስ እናበልካ ዝጓዓዝ ኣይኮነን ።መን
ገዱ በሪሁ እዩ ።ቬትናማውያን ካምቦዲያውያን ኣብቲ መሳለ

ናይ ዓወት ቦታ ገኗፍሙሉ ደይቦም ስለ ዘለው ሕዝባዊ ኩናት ኤርትራ ታሪኻዊ ተሳእኾ ብዓወት ንምፍጻም እገሪ እገርም ይሰዕብ እሎ :: እብ ቲ ንባቶም ዝደየቡዎ ቦታ ደረጃ ብምብጻሕ ደማ ናይ ዓወት ጸዋኦ ንሳዕሊ ጠፍ ከቢል እዩ ::_

## ሰውራዊ ግጥምታት

## ኤርትራ

ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክኸበር ንዓኺ:
ክወግሕ ክመሲ ክሳቕ ብእኺ:
እረ ንዒ ቶሎ እብ ዘሎኺ እሊኺ::

ጣባብ ናይ ሕዝብኺ ምዓስ እዚ ነይሩ:
ዓዱታት ኤርትራ ጠዊ ካብ ዘጠሩ
እረ ሕሰብሎ እንታይ°ቂ ነገሩ

እለው ጉጠሎ ፍጹም ዘይገዱፋኺ:
ጠባቡው°ውን ነይሩ ዱሕሪት ከተርፋኺ:
ሕጂ ግን ተዓጠቒ ጠቦ ግበሪኺ:

ጸላኢ እንተነብጤ ጉራ°ውን እንተኸዘጠ:
ከተማ ሰፊሩ ሐዝቢ እንተነፋጠ:
ኤርትራ ከይጠደገ ፈጺሙ ነይረብጠ ::

ጠረስታይ ኤርትራ ጠቦ ደኦ ግበር:
ብምኽሪ ጸላኢ ጨሪስካ እይተጠበር:
እበይ ከይበጸሕ እዩ ብጆካ ፈንጠርጠር ::

ሕሰቢ ዘተዩ ኣብ ዘለኺ ኣሊኺ:
ምኽሪ ተጋጸሊ ኣብ ኩሉ ሰፍራኺ:
ኣረ ነይገድፈኪ ገፍዒ ጸላኢኺ ::

ኤርትራ ሃገረይ ተሰምዒዶ ኣሎኺ:
ፍርያም ካብ ኮነ ኩሉ ሜዳታትኪ:
ንሰራሕ ን ሃገርና ጸላኢ ነሰልኪ ::

ሃገረይ ተርኢ°ዶ ኣሎኺ:
ገረብን በዓትን ካብ ኮነ ገዛኺ:
ኣቑጽሎ ቷ ካብ ኮነ መግብኺ ከዳንኪ:
ሸገር ጠሊፋ ኣዩ ሻላ በለዉኺ ::

ሕዝብና ተዓጠቕ ከሳብ ዝኣኽለካ:
ዓሌትን ወገንን ጾታን ከይፈለኻ:
ተጸመም ተጋደል ስጉግ ጸላኢኻ ::

ምጽዋዕ ምስ ዓሰብ ከሎ ተ ወደብኪ:
ኣሥመራ ካብ ኮነት ርእሰ ከተማኺ:
ባርካ ምስ ሰምሃር°ውን ዝሕረሰ ከሎኪ:
መስጣኺ ይውረዶ ርጉም ጸላኢኺ:
ዓሪቀክን ጠሚኽን ብገዛእ ገንዘብኪ ::

ጸላኢ ኣንተመጸ ብኣየር ብምድሪ:
እንተፈ ተነ°ውን ንኩሉ ከማዕሪ:
ንሕናስ ተማሂርና ብናይ ቀዱም ሰሪ:
ሕዱስ ይኣኽለኪ ጠቦ ዱኣ ገበሪ ::

ርጉም ኣረሜን ኣርኣያ ዘይብሉ:
ገዱሉና ሰሚሩ ንዓኺ ከሕሉ:

ግዜኻ ኣኺሉ'ዩ ሃገርካ ተኸደሉ ።

/ካብ ሕዝቢ ዝቐረበልና ጽሑፍ/

## ቀተለት ስም ጠደር : ተርጉም ጸላሊ

ናይ ኢትዮጵያ ተቐደም ኣቲ ቀንዲ ምስጢር :
ኣምጠራይ ይሕለፈሉ ኤርትራዊ ግን ይዱጥር :
ነጻነት ከእወጅ ከሰርሕ ዱላ ዩ:
ንሕዝቢ ኤርትራ ምንም ኣይምለከትን እዩ:
ባርነት ከህቦ ከዉጽዓ ፈሪ ዩ:
ኤርትራዊ ኢትዮጵያዊ ከም ዘይኮነ መም ዩ:
ንሕዝብና ከገዝኦ ከም ዱላ ዩ ጠዉ ዩ:
ደርጋዊ ጉጅለ መኺሩ ዘት ዩ:
ንዓና ንምጥፋእ ኣጸኒቱ ኣዳጸ ዩ:
ቀዳማይ ሰጉምቲ ቀንዲ ዕላምኡ'ዩ ።

ኢትዮጵያ ተቐደም ብዘይ ምንም ደም:
ኣንዱነት ዝጻረር ለቡ ይተጠጉም:
እናበለ ከደርፍ ብዘይ ቀልዓለም:
ወተሃደር ምስለኹ ናብ ኤርትራ ገጹ:
እንታይ የብር ሃሊካ ናባኻ ከመጹ ።

ብንግሆ ገሰገሱ ደርጊ ተበገሱ:
ኤርትራ ከብሕታ ንሕዝባ ይፆቢሱ:
እንተ ብምፍርራሕ ወይ ዱማ ብምቕታል:
እንተ ብምስጢር ብሰይፎ ምትላል:

ቀጢጸሙ ኪጋንን ናይ ዋልታኡ መተከሊ:
ከሰርሑ ይርኢ ንሕዝቢ ከብዱሊ ::

ብጠቑ ዝወጸ ኤርትራዊ ኣባሊ:
ንደገፍ ኤርትራ ኣብ ባይቶ ኮፍ ዝበሊ:
ኣብ ደርጊ ኣይነበረን ንዓና ዝዉከሊ:
ኣዚ ዝኾነሉ ብገርጸ ተርጕሙ:
ኮራኩር ጪቀንቲ ምተካእ እዩ ቀለሙ:
ግብሪ ዝገደደ ተቐየረ ስሙ ::

መሬት ይሕሸኒ ነየዱለ የኒ ሕዝቢ:
ኣናበለ ጃንሆይ ከሰምዐ ዘረባ ::
ጠዱጊ ደቂ ገዪሩ ኣብ ግብሪ ዘውዐሉ:
ንደቑ ኤርትራ ብጠበራ ኣና ቀተሉ:
ሰባ ምስ ጨረሱ ከዘምቱ ኤርትራ:
ዓዲ ታዘከ ነፈርቲ ናይ ዐግርግር ሰፍራ:
ንኩሉ ኤርትራ መፍሰሰ ደም ገበራ ::
ወንጪ ንምገልባጥ ኣንተ ኣዱለዩ ተራ:
ጃንሆይ ኣቦኦም ደርጊ ኮራኩራ:
ንሱ ወዲ ሸቀ ንሳቶም ኣምጠራ:
ፍሊሊይ ዘይብሊ ኣዚኣ° ያ ገበራ::

ጠደጠደ ነበረ ኣባላት ዝመሰሎም:
ኣገለገሊቲ ኣቑጠ ጸላኢ ምኻኖም ረሲዖም:
ተጸጢፋ ኮርኣ ጠደጋ ኣነ ዝባኖም:
ዘይገብሪ ጠባቦም ኣርዑት ከኸብዶም:
ወይ ዱማ ዝኾኑ መዚርብቲ ከብዶም ::

ደርጊ ዕላምኡ ሰይምዎ ምጥፋእ:
ንዘይሰማምዖ ብኣጋ ዘይገታእ:
ደማሒስካ ተደፊምጥፋእ ነይሩ ከውዳእ:
ጥራይ ንሱ መደቡ ዘይብሉ ምርዳእ ::

ንዘሎ ንምጥፋእ ንኩሉ ምውጋድ:
ንጠደ ብምቕታል ንጠደ ብምሕራድ:
ንሽግር መፍትሒ ኣይኮነን'ዩ ዘበት:
መሊሱ የሽርርር ናይ ጭቆና ምረት ::

ናብ ሕዝቢ ኦም ጠጀር ጠደጋ ወረደ:
ናይ ጸላኢ ወገን ፍርዲ ምስ ፈረደ:
ካብ ኣባላት ደርጊ ጠደ ዝ ነበረ:
ሻምበል በለው ኣ'ዩ ጋዝ ዝወርወረ ::

ዘመቶ ከርኢ ኣቡኡ ዝጸንጠ:
ሽግረ መከራ ኣቡኡ ኣሰፋሕፍሒ:
ተፈጸመ ገፍዒ ቀደም ዘይ ተሰርጠ:
ዘይ ተጠሰበ ነገር ኣዚ ምስ ተገብረ:
ናብዝን ናብትን ከብል ሕዝቢ ተሸገረ:
ኣዒንቱ ሕዝብና ኣሻቡ ዓወረ ::
ተዘኒቡ ኣብ ዘብሉ ምስ ጠፍኦ:
ጸላኢ ብጥይት ጠዓሞ ከወገኦ:
ናብዝን ናብትን ከብል ምኻዱ ምስ ሰኣነ:
ጸላኢኡ ከ የጥቀዕ ብዘይዱሉ ምስ ኮነ:
ዓቢ ምስ ንኣሽቶ ቀልዓ ምስ ሰበይቱ ሕዝቢ ተረሸ

ብደሃይ ናይ ውሕጅ ዝሰረጸ ፍርሒ:
ተመለሰ ናብ ድሕሪት ኣብ ጊህሪ ኣብ ጤ:
በተን ይሳቕዩ በተን ከኣ የእዊ:
ኣብ ~~[illegible]~~ሕዝብና ወረደ ሰራሕ ኣረሜናዊ ::

ገለ ንኽምለጥ ምህዳም ዝሃቀነ:
ብጃልባ ክሳገር ናብ ሱዳን ወሰነ:
ነገር ግን መሳገሪ 0.50 ዝነበረ:
$.15 ኩይኑ ብጠይሊ ከበረ:
ኣብ ሸገር ሸገር ተደመረ:
መንገ መንገ ኩይኑ ሕዝቢ ተሸገረ:
በተን ብጸላኢ በዝን ብውሕጅ ተዘረ:
ኣብ መንገ ጸላኣቲ ሕዝብና ጠሰረ ::
ገለ ንኽሳገር መሪጹ ዝጠረ:
ገሊኡ ጠጠለ ገሊኡ ሰገረ::
ገሊኡ ክምለስ ንድሕሪት ኣቢሉ:
ጸላኢ ቀሊጡ ብጥይት ተቐቢሉ ::

ካብ 600 ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት:
ከም ክብቲ ተጠርዩ ዝበኣሰ ህሉቀት:
ጸላኢ ከድሰት ሕዝብና ጠረረት:
ሰራሕ ናይ ሽፍትነት ቀጸር ከም ዓወት ::

ብድሕረይ ባዕሪ ኣይብቐሉ ከም ዝበለት ኣዱጊ:
መኺረ ተላዒሉ ንሰራሕ ብዘይ ሓጊ:
ጥቓሚ ንርእሱ ንሕዝብና ባርነት:
ብፍላይ ንደርጊ ንሰልጣን ንሸመት:
ሃብቲ ክፉኡ ነ፡ ያዳ ዝደግመት:

በይናም ከብሕቶም ንናይ ሃገር ፍርያት:
ከዘምቱ ከምዝምዙ ንዘሎ እቲ ዋት ::

ሓደ ብሓደ ደምሲሱ ከብጸሐሉ:
••ንኤርትራዊ ነጥፍኦ•• ኢሉ ተላዒሉ:
ዘርኢ በሪሁ ዘደናግር ዘይብሉ:
ብቑዑ ፍለፋ ኤርትራዊ ይውደም:
ይኽፍኦ: ይጨነቕ: ይ ተሓጸብ ብደም:
ሐ ቀኛ ተዐጉም ኢቲ ዒጸያ ተቐደም ::

...............ተ ፈ ለ ጠ ዩ:

፩ ኤር ነሰ ቶቸ ጌቨራ ኣርጀንቲና ኣብ እትብሃል ኣብ ደቡብ
ኣመሪካ እትርከብ ሃገር ተወሊደ ::ናይ ሕክምና ትምህርቲ ም
ሰ ወዱእ ሰምን:ሀብትን:መዓርግን ክረክብ ዝኽእል ክነሱ :
መግዛእቲ ናይ ደቡብ ኣመሪካን:ኣፍሪቃን:እስያን ብሃጸያውያ
ን:ዘጸለእን ኣበርቲዑ ዝቃወምን ሰለ ዝነበረ ኣንጻርም ንክ
ጋደለ ተዓጢቑ ተንሲኡ ::ዓዱን ወገኑን ክይፈለየ ክኣ ኩባው
ያን ሐርነትም ንምርካብ ኣብ ዝገበርዎ ፖለቲካውን ብረታውን
ቃልሱ ተኻፈሉ ብጅግንነትን ቀራጽነትን ናይ መሪሕነት ክእለቱ
ኣዘ ቶ ውረይን ፍ ቶውን ኮነ ::ሕዝቢ ኩባ ከኣ ብምሉእ ልቡ
ሰለ ዝተቐበሎን ማዐረ እቲ መራሒኦም'ፊደል ካስትሮ ሰለ ዝ
ረእዩን:ድሕሪ ሐርነት ናይ ምጽእ ኩባ ናይ ቀጠባዊ/ኢኮኖም
ያዊ/ ተሕዝቶ ሐላፊ ኮነ ::እንተኾነ ግን ሃጸያውያን ክይጠ
ፍኡ ሰላም ከም ዘይርከብ ሰለ ዝተገንዘበ ካብ ዝፈትዎ ሕዝ
ቢ ኩባ ተሰናቢቱ:ናብ ኮንጎ/ኣፍሪቃ/ ብምምጻእ ቃልሱ ቀጸለ

ብብዙሕ ምኽንያት ግን ጠባቢ ኣይሰለጠሉን፡፡ስለዚ ናብ ቦሊቪያ ኣተብ ሃሩ ሃገር ደቡብ ኣመሪካ ተመሊሱ፡ኣብኡ ምስ ዝነበሩ ሰውራውያን ኩይኑ ከም ብጨዱሸ ተስፋ ከይቆረጸ ተን ዱሉ ጀመረ ::ሲ.ኣይ.ኤ. ዝተባህለ ናይ ኣመሪካ ናይ ስለላ ማዕከን ኣዚ ንሀላቀ ሃጸያውያን ኣዝዩ ጠደገፍ ምኟኑ ስለ ዝተገንዘበት፡ብሰለይቲ ተመሪሑ ብ1965 ነዚ ደገና ጥቀን ሕዝቢ ዓለም ኣገሪሃ ቀቕለቶ:: ቸ ነዚ ኩሉ ዝገበረ ኣዝማ ዝብ ሃለ ሕማም ኣናሳቐዩ ኣንከሎ ብምጽማምን ወገነይ ወገንካ ከይበለ ኣሀጉራዊ ጠላፍነቱ ጥራይ ብምጥሚተን ከም ዝኾነን: መጻሕፍቲ ብምጽሓፍ ነቲ ዝነበሮ ተመኩሮ ንሰውራውያን ሕዝቢ ዓለም ከም ዘካፈሎምን፡ ነዚ ኩሉ መዋእለ ዝዐለዱ ተግባራት ፈጺሙ ከሰዋእ ኣንከሎ ከኣ ወዲ 39 ዓመት ንበዝ ከም ዝነበረ...........................ተፈሰጦዩ ::

_ ጦር ሰራዊት ከተማ ከንፍትሸ ብዘብለ ጉለባብ ንከተማ ኣምመራ ይዝርፋን የባባብሩን ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ሰብ ገዛ ከይፈለጡ ብ ሃንደበት፡ኣብ ጠደ ገዛ ደሬቁም ኣተዎም፡ኣቶም ሰብ ገዛ ገና ካብ ሰንባደም ከይተንሰኡ ኣንከለዉ፡ንሓደ ወዲ 14 ዝኸውን መንእሰይ ወደዎ "ንዓ" ኢሎም ጉቲቶም ብዘውጽኣዎ፡ ወያ ወላዲት ቀይ ወደይ፡ብቕኹም ገደፉዎ ተሃራይ ኣቁ :: ምስ በለቶም "ተዎሃራይ ኣቁ ዘዱለዩና "ብምባለ ብረቶም ቶስ ኣቀንዑ፡ወያ መከረይና ወላዲት ጥራይ ገደፉዎ ኣምበር ዱላይኩም ውሰዱ ኢላ ኣብ ነብሳ ዝነበረ ሰለማት ወርቂ ብምሉኡን ኣብ ገዛ ዝነበረ ገንዘብን $.800 ዝግመት ገንዘብ ተቐቢሎም ከም ዝኸዱ.......................ተፈሊጡ ::

..............00000000.................